ሕጂ ውን መልሲ ንተስፋጽዮን ኣንጭዋ ክልተ ዓዴል
ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ
ብበርሀ ዑቋባዝጊ ሃገር ጀርመን




ዓዲ ስዉእ ጅግና ሐምድ እድሪስ ዓዋተ
ኤረትራ ሃገርና ወላዲት ሾሞንተ
ኤረትራ ሐንቲ እያ ኣይኮነትን ክልተ..

ውሕጅ ከይመጸ መንገዲ ውሕጅ ንጽረግ
መታን ክትበርህ ናይ ሓርነት ሃገራዊት  ሽግ
መኒኻ ታ መጥፊኢኻ ጭጉራፍ ትጭሕግ
ንኹሉ ክንበጽሖ ኢና ብትዕግስቲ ኢልና ዝግ..

ክብልዕዋ ዝደለዩ ኣባጉንባሕ ዛግራ ይብልዋ
ሃጸይ መለሊክ ንጥልያን ሸጥዋ
ንኤረትራ ዓዲ ጀጋኑ መጋሚገ ምስ ሐዝዋ
ኣስላም ክስታን እንዳበልኩም ክፈላልይዋ
ሃገርና ጥልያን ከሐዝዋ እወ ሽም ነርዋ..

ኣቦሐጎታትና ባሕሪ ነጋሲ ኢሎም ሰምዮምዋ
ጸረ ቱርኩ ግብጺ ተኻላኺሎ ኣጽኒሖምዋ
ንራእስታት ትግራይ ኣሕሊፎም ከይሃብዋ
ከዳዓት ደቂ ሃገር ምስ ኢትዮጵያ ጸንቢሮምዋ
ን30 ዓመታት ደም ኤረትራውያን ዩ ፈሲስዋ
መስዋእቲ 8ተ ቢሄራትን ስንክላና ተኸፊሉዋ..

ኣቲ ወድል ወደል ሸሎው በሊ ናብ ገደል
ኤረትራ ደቀባት ኣለዉዋ ጭንን ኣይትበል



*መልሲ ንተስፋጽዮን ኣንጭዋ ክልተ ዓንዴል*
*ንደቀባት ኤረትራ ክትፈላሊ ኣይትበል ኮለል..*

*ኣጆኹም ኣጆና ደቀባት ኣስላም ክስታን ኤረትራ*
*ድንብርጽ ኣይበልኩም ናይ ተስፋጽዮን ፈጠራ*
*ኤረትራ ንኤረትራዊያን ጭንን ኣይትበሉ ንባሕራ..*

*ከምቶም ኢትዮጵያ ትሕሸና ኢሎም*
*ባንዴራና ኣውሪዶም ዝሸጡ ዓዶም*
*ክብቱኑና ሕጂ ውን ዑሱብ ሰዲዶም..*

*ስለ ዝፈለጢ ከም ዘሎ ዘይሰለመ*
*ተስፋጽዮን ዓቕሊ ጽበት እንተ ቛዘመ*
*ከም ባድመ ንዓሰብ ስለ ዘይደገመ..*

*ክትፈላሊ ናብ ደቀባት ቢሄረ ሳሆ ሰጊርካ*
*ንገርም ስብሕት ነጋ ንገብሩ ኣስራትን ከድካ*
*ንኤረትራ ኣይትጠምት ዝቕደመ ይኣኽለካ*
*ኢድካ ኣይተዋጣውጥ ከይትነድድ ኢድካ..*

*ደቀባት ሳሆ ደቂ እንባ ሶይራ ይብሉን ሕቶ*
*ደቂ ሓርበኛታት ደቂ ዓዲ ቀይሕ ምስ ቋሓይቶ*
*ታሪኽና ከህስሱ ሕብሮም ዝለዋውጡ ነፋሒቶ*
*ዲል ኣይትሃብዎ ንፍጠራ ናይ ተስፋጽዮን ማቶ..*

*ንጉጅለ ኢሰያስ ከም ደርጊ ጽባሕ ነባርሮ*
*ተስፋጽነንን መሰልቱ ናይ ህዝብና መንሸሮ*
*ሹዑ ጦቕ ጦቕ ኢልኩም ትተርፉ ከም ሸሮ..*

*ቅድሚ ስልጣን ህዝቢ ምምንጣሎም እኒ ዘርጊ*
*ኣብ ሃገርና ኤረትራ ኣብ ባይቶ ተኺልካ ዘንጊ*
*ኣብ እግሪ ዳዕሮ ጽላል ዓርኮኮባይ ንዝቲ ብሕጊ..*

*ተማሃር ኣታ ኤረትራዊ እየ በሃሊ*
*ብሕጊ ስዉኣት ተገዛእ ከም ትማሊ*
*ፊዕ ግደፍ ከም ሎዓም ዘይብላ በቕሊ*
*ኣነ እየ ፈላጥ እንዳ በልካ ኣይትፈላሊ..*

ከም እኒ ፍሊጶስ ነብሱ እንተ ዝፈቱ
ስዉእ ወዲ ዓሊ ምነበረ ክሳብ ማዓልቱ
ግን ሕድሪ ኣይጠለመን ናይ ሰማእታቱ
በጃ ሓሊፉ ሲዒ ብዎም ንስዉኣት ብጾቱ
ሕጂ ውን ከም ወዲ ዓሊ ድርብ ሓሞቱ
ወይለኹም ምኒስተራቱ ምስ ጀነራላቱ
ጀጋኑ ከም ዘለዋና ዘለዉና ኣይትስሓቱ..

ንህላወ ኣውራታትና ከህስስዎ
ጭፍራ ኣብ 6ዘባ እንተ ፈላለይዎ
ደርጊ ውን ዝሰዓር ማዓስ መሲልዎ
ናይ ህግደፍ ውን መወዳእታ ኣለዎ..

ኣብ ዲጋ ዓዲ ሃሎ ተሓቢኡ ከጽንተና
ኣውራጃይ ኣውራጃ ኻ ኣይተስምዑና
ቢሄረይ ቢሄርካ መፍተቱ ክትገብሩና
ክንዲ ተጋጊና ዘዝፈሸልኩም ክፈላልዩና..

ውይለኻ ክትፋላል ዝበላዕካ ጉቦ
ክይሓረስካ ኣይብላዕን ሕንባሻ ጎጎ
ኢደይ ኢድካ ኢልና ንኣርዮስ ንስጎጎ
ንሕማቕና ዝምነ ዓና ዲል ኣይንሃቦ
ከይሓረስካ ኣይብላዕን ሃንዛዒልቦ..

ከይኮስኮስካ ኣይፈርን ኣራ ንሺ ወይኒ
እንዳ በልካ ቀሚሽ ኣደይ ሕንኩሉኒ
ኣብ ጥራይ ጎልጎል ኣይትበል ስምዑኒ..

ህዝቢ እንዳ ጸነተ ሃገር እንዳ ባደመት
መናውሒ ዕምሪ ንዲክታቶር ዓወት
ከም ሸንቲ ገመል ንድሕሪት ንጉተት
ሓዲሽ ቅዲ ንምህዝ ዓመት ዓመት..

ናይ ሓርነት ስራሕ ምስ ተጀመረ
ኣርዮስ ምስ ጭፍሩኡ ምስ ተሓጽረ
ኣብ ቀይዲ ምስ ኣተወ መልሓሱ ዕረ
ኣብኣ ትደዮ ከይንሳነ ነገር ዝጸሕተረ..

*ደለይቲ ፍትሒ ኣይፋልኩም ሎሚ*
*ወይለኻ ከም ኢሰያስ ንጓኖት ዓዳሚ*
*ናይ ሓርነት ቃልሲ ክዕወትዩ ከም ዓሚ*
*ጽባሕ ይሕተት ንኤረትራዊያን ዘዳሚ..*

*ብውዲት ዩ ኢስያስ ዝጸወተልና ዘሎ ንገሮ እነተ ኣበየ ሽግር ይምሃሮ*
*ተጋዳላይ ተሐኤን ግንባርን ንደርጊ ኣብ ዉሱናት ከተማታት ምስ ሐጸሮ*
*ውዲት ጉጅለ ኢሰያስ ኣፈወርቅን ስብሐት ነጋን ኣሎና ሑሉፍ ተሞኩሮ*
*ንወሎዶ ሎሚ ንዝሐለፈ ኣዕናዊ ጌጋ ዝደግም ዘሎ ሐላፍነትና ክንሕብሮ.*

*ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና*
*ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና*
*ኤረና ሽዊት ለምለም ክኸውን ዓድና*
*ዕንወት ንጃ ንዳ ህግደፍ ዝብሉ ይንበረልና*